ዕለት 26. ግንቦት 2010

## ኣብ ከተማ ከለን ሃገር ጀርመን መበል 19 ዓመት ናጽነት ኤርትራ „ብስራሕ ንምክት ንግስግስ“ ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ብድምቀት ተጸንቢሉ

ካብ ሰንበት ዕለት 23 ናብ 24 ግንቦት 2010 ዘውግሕ ለይቲ፡ ኣስታት 450 ዝኾኑ ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ዝተኻፈልዎ ውዕውዕን ምዉቕን መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል መበል 19 ዓመት ናጻነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ከቢሩ ውዒሉ።

መደብ ጽምብል፡ ብሕጻናት ዝተመርሐ ሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ ተሰንዩ ብዝኸረ ሰማእታት ምስ ተኸፍተ፡ ወከልቲ ማ/ኮም ከለንን ከባቢኣን፡ መንእሰያት ሀ.ግ.ደ.ፍ. ከለንን ብቋንቃ ትግርኛን ጀርመን ፡ ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራቦም እቲ መደብ በዓል ተጀመረ።

ቀጺሉ ሓላፊ ቆንስላዊ ክፍሊ ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን፡ ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ሚዛን ብዓል ናጻነት ኤርትራ ረዛንን ክብርቲን ዕለት ምዃና ድሕሪ ምግላጽ ፡ ንጉዳይ  ዘይፍትሓዊ እገዳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣመልኪቱ፡ ፍሉይነት ናይዚ ዓመትዚ ጽንብል ክገልጽ ከሎ፡ ነቲ ናይ መንግስቲ ኤርትራን ኣብ ውሽጢን ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራን፡ ብመዘና ዘይርከቦ ስምረትን ሓያል ድምጺን መኸተን እምቢታን ኣንጻርቲ ዘይፍትሓዊ እገዳ፡ ኣድናቆቱ ገሊጹ። እዚ ዘይፍትሓዊን ዘይሕጋውን ብይን ክይተሳሕበን ክይተሰረዘን መኸተና ድሕር ክብል ከምዘይብሉን እቲ ብዕለት 22.02.10 ብሰፊሕ ዓለምለኻዊ ሰላማዊ ሰልፊ ዝጀመረ መኸተ ብዝሓየለ መልክዑ ዝቕጽለሉ እዋናት ምዃኑን፡ ነቲ ብማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ተቐሪቡ ዘሎ ናይ ጥርዓን ደብዳቤታት ናብ ፕረሲደንት ሕ.መ.ኣ. ባራክ ኦባማ ምስታፍ ናይ ኩሉ ኤርትራውን ፈተውቲ ኤርትራን ሓላፍነት ምዃኑኳ እንተኣዘኻኸረ፡ ተኻፈልቲ ብዓል፡ ነቲ ናይ ደብዳቤ ዘመተ ተቐሪቦምሉ ዝመጹ ጉዳይ ብምንባሩ ባዕሎም እናመጹ ክካፈሉ ኣምሰዩን  ሓደሩን።

ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ከለን ብወገና ትርጉም መዓልቲ ነጻነት ሓላፍነትናን መብጽዓናን ነሐድስሉ ፡ ሕድሪ ሰዉኣትና እንትግበረሉን፡ ስድራቤት ሰውኣትና ንናብየሉን ፡ መኸተና እነሕይለሉን ከም ዝኾነ ብምሕባር ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሓላፍነት ምዃኑ ንኽይርሳዕ ኣጥቢቃ ድሕሪ ምምሕጻና፡ ኣካየድቲ ኣካል መንእሰያት ሀ.ግ.ደ.ፍ. ከለን ሓጺር ታሪኽ ኤርትራ ቅድሚ ናጻነትን ድሕሪ ናጻነትን ዝትሕዝትኡ ብቛንቃ ጀርመን ቀሪቡ። ተመሃሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም ከለን ብወገኖም ሳላ ሰማእታና ክብሪ ለቢስና እትብል ግጥምን ፡ ሃገርና ነስተማቕራ ዝትሕዝቶኣ መልእኽቲ ብምቕራን ካብ ተዓዘብቲ ዓቢ ኣድናቖት ረኺቦም።

ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ምስኮነ ድማ፡ እቲ ብማ/ኮምን ሃ.ማ.ደ.ኤ.ን ከለን ዝተቐረበ ቶርታ ተቐሪሱ  ሽምፓኝ ምስ ተኸፍቲ ናይ ደስደስ፡ ውዕውዕ ጨብጨባ ተጌሩ እቲ ጓይላ ቀጸለ። ሕቡባትን ወናማትን ድምጻዊያን፡ ኣሮን ኣብርሃ፡ ርምደት ኣለም፡ ኣማኒኤል ገ/ሄር (ኖርወይ)፡ ኣማኒኤል ብስራት፡ ብኢሪ ባንድን ብናይ ሙዚቃ መሳርሒ ቴክኒክ ኣወሃሃዲ ተሾመ ኣርኣያ ተዓጂቦም፡  ንጽንብል ናጽነት ዘንጸባርቕ ድሙቕ ባህላውን ዘመናውን ሙዚቃ ብምጽዋት ንዕዱማት ብዘይ ዕረፍቲ ክዘናግዕዎም ሓደሩ።

በዚ ኣጋጣሚዚ፡ እቲ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ዝተዛዘመ ጽንብል ብዓል ናጽነት ኤርትራ፡ ብሳላ እቶም ብተወፋይነትን ተገዳስነትን ንዝተዋህቦም ምቅሊት ስራሕ ኣኽቢሮም ዝተዋሰኡ  ሕጻናትን መንእሰያትን ዓበይቲን፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ብሳላ እቲ ተኻፈልቲ በዓል ዘርኣይዎ ስኒት፡ ፍቅሪ ምትሕቑቓፍ ዝመልኦ ኣብነታዊ ምስክርነት ሰልጡን ባህልና ምዃኑ ከይተጠቕሰ ክስገር የብሉን።

ክብርን ምጎስን ንሰውኣትና
ዓውት ንሓፋሽ

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን